# ኣብ 4ይ ስሩዕ ጉባኤ ዝተመሓየሸ
# መተሓዳደሪ ደንቢ
# ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

# <u>መተሓዳደሪ ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ</u>

## <u>መእተዊ</u>

ህዝቢ ኢሮብ ብሰንኪ ትሑት ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታትን ዘይብቑዕ ዝርጋሐ መሰረተ ልምዓት ህዝባዊ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላትን ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ድኽነት ዝተሃሰየ መነባብሮ ዝነብር ዘሎ ህዝቢ እዩ። ኣብ ልዕሊ እዚ ብ1990 ዓ/ም ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝተካየደ ኩናት ንብረትን ጥሪትን ናይ ልምዓት ትካላትን ዓብይ ጉድኣት በጺሑዎም እዩ::

ነዚ ፀገም መንግስቲ በይኑ ክዋፅኦ ዘይኽእልን ናይ መንግስቲ ብሕታዊ ዕማምን እዩ እልካ'ውን ከም ተወለድቲ ሱቕ እልካ ምርኣይ ከዓ ትኽክል ኣይኮነን ። የግዳስ ብተወለድቲን ብግዱሳት ፈተውቲ ልምዓትን ዝግበር ናይ ልምዓት ምንቅስቓስ ዓቢይ ግደ ይህልዎ።

ኣብ ዲሞክራሲያዊ ሰርዓት ናይ ዘይመትረፍቲ ሲቪክ ማሕበራት ተራ ዓብይ እዩ። ሃገርና ፌደራላዊ ሰርዓት ካብ እትኽተል ንደሓር ቁፅሪ ሲቪክ ማሕበራት እናተበራኸታ እንትኾና ኣዝዩ ዘተባብዕ ውፅኢት'ውን የመዝግባ ኣለዋ። ሲቪክ ማሕበራት ናብ ህዝቢ ቅርበት ዘለወን ምስ ምኳኑ ፀገማት ሕ/ሰብ ብኣግባቡ ተረዲእኻ ኣብ ምፍታሕ ናይ ባዕለን ተራ ይፃወታ እየን።

እዚ ኣብ ግምት ብምእታው ተወዲብና ኣብ ልምዓት ብምውፋር ድኽነት ንምንካይ ኣብ ሕገ መንግስታት ትግራይን ኢትዮጵያን ዓንቀፅ 31 ዝተቐመጠልና ናይ ምውዳብ መሰልን ኣብዚ ክልትኡ ሕገ መንግስታት ዓንቀፅ 43(1) ዝተቐመጠ መነባብሮ ናይ ምምሕያሽን ዕቤት ናይ ምርካብን መሰል ተጠቒምና ፣ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ፍ/ብሔር ሕጊ ዓንቀፅ 404 ዝሸፈን ትርጉም ዘለዎ፣ናይ እግሪ ምትካልን ልምዓትን ማሕበር ዝስዕብ ደንቢ ናይ እቲ ማሕበር ብምቕማጥን ብወከልትና ብምፍራምን <u>**ማሕበር ልምዓት ኢሮብ**</u> ዝብል ውዳበ ብዕለት 8 **ሓምለ** 1995 ዓ/ም ብግዱሳት ተወለድቲ ኢሮብ ኣብ ከተማ መቐለ ተመስሪቱ ::

በዚ መሰረት ኣብ 2007 ዓ/ም ኣብ ዝተካየደ ራብዓይ ስሩዕ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዚ መተሓዳደሪ ደቢ ንሳልሳይ ግዘ ተመሓይሹ ኣሎ::

ነዚ ሕገ ደንቢ ዘመሓየሹ ኣባላት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

| ተ/ቁ | ስም | ዜግነት | ኣድራሻ |
|---|---|---|---|
| 1 | ኣይተ ጋይም ወልደገርግስ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 2 | ኣይተ በርሀ ሃይለማርያም | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 3 | ኣይተ ገብረማርያም ተሰማ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 4 | ኣይተ ሃይለ ተስፋይ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 5 | ወ/ሮ ማዓዛ ደበሳይ | ኢ.ትዮጵያዊት | መቐለ |
| 6 | ኣይተ ደሳለኝ ጊደይ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 7 | ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 8 | ኣይተ ኣስገዶም በርሀ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 9 | ኣይተ ኣብርሃ ኣለሙ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |
| 10 | ኣይተ ፍሱሕ ካሕሳይ | ኢ.ትዮጵያዊ | መቐለ |

# ኣባላት ቦርድ ማልኢ

ብዕለት 02/12/2007 ዓ/ም ኣብ ዝተኻየደ 4ይ ስሩዕ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ.) ንዝቕፅሉ ሰለስተ (3) ዓመታት ነዚ ማሕበር ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንብና ብሙሉእ ትግሃትን ተኣማንነትን ክመርሑ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ኣመራርሓ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኮይኖም ተመሪፆም ኣለዉ፡-

| ተ/ቁ | ሙሉእ ስም | ኣድራሻ | ሓላፍነት |
|---|---|---|---|
| 1 | ሃውኩ ረዳ | ዓዲግራት | ኣቦ ወንበር |
| 2 | ሓጎስ ፀጋይ | ዓዲግራት | ም/ኣቦ ወንበር |
| 3 | ኣስገዶም በርሀ | ዓዲግራት | ዋና ፀሓፊ |
| 4 | ማዓዛ ደበሳይ | መቐለ | ሒሳብ ሹም |
| 5 | ፍሱሕ ካሕሳይ | መቐለ | ገንዘብ ተሓዚ |
| 6 | ሃይለ ተስፋይ | መቐለ | ኣባል |
| 7 | ሩፋኤል ሽፋረ | መቐለ | ኣባል |
| 8 | ምሕረት በርሀ | ኢሮብ /ደውሃን | ኣባል |
| 9 | ኣድሓኖም ሽፋረ | ኢሮብ /ደውሃን | ኣባል |
| 10 | ተስፋይ ሃይሉ | ዓዲግራት | ኣባል |
| 11 | ሕሉፍ ወ/ስላሴ | ኣዲስ ኣበባ | ኣባል |

- ኣስፋው ሓድጉ - ዓዲግራት - ኦዲተር

ካብዞም ኣባላት ቦርድ ቅድሚ ቖፃሊ መረፃ ኣቦወንበር፣ ም/ኣቦወንበር፣ ፀሓፊ ሒሳብ ሹም ወይም ገንዘብ ተሓዚ ወይም ኦዲተር ብዝኾነ ምኽንያት እንተለቒቖም ቦርድ ካብ ኣባላቱ ይትክኡም።

## ምዕራፍ ሓደ

## ሓፈሻዊ ኩነታት

**ዓንቀፅ- 1 <u>መፀወዒ ሽም እዚ ማሕበር</u>**

ስም እዚ ማሕበር ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ (ማልኢ.) ተባሂሉ ይፅዋዕ።

**ዓንቀፅ-2 <u>ትርጉም</u>**

ኣብዚ ደንቢ ናይቲ ቃል ኣግባብ ካልእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኮይኑ ቀፂሎም ዘለዉ ቃላትን ሓረጋትን እዚ ዝስዕብ ትርጉም ይህልዎም::

1. "**ኢሮብ**" ዝብል ሲያመ ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ምብራቕ ብሰሜናዊ ጫፍ ምስ ኤርትራ ኣብ እትዳቦ ወረዳ ናይ ዝነብር ብሄረ-ሰብ ተወለድትን ናይቲ ወረዳ መፀወዒ ሽምን ኮይኑ ብሄረ-ሰብ ኢ.ሮብ ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዉ ብሄረሰባት ሓደ እዩ።
2. "**ማሕበር**" ማለት ኣብዚ ተመስርቱ ናይ ዘሎ ናይ ኢ.ሮብ ብሄረ-ሰብ ልምዓት ውዳበ ማለት እዩ።
3. "**ኣባል**" ማለት ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ዝመስረተ ወይ ድማ ድሕሪ ምምስራቱ ኣባል ንምኳን ዝተመዝገበ ዕላማታትን ሕግታትን እዚ ማሕበር ዘኽብር እዩ።
4. "**ክብሪ ኣባል**" ማለት ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ተግባራዊ ንምግባር ብገንዘቡ ማቴሪያል ጉልበትን ክእለቱን ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ብምግባሩ ዝምረፅ ውልቀ ሰብ ወይ ክዓ ትካል ማለት እዩ።
5. "**ጉባኤ**" ማለት ብመሰረት እዚ ሕገ ማሕበር ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ብምርጫ ተወኪሎም ዝመፁ ኣባላት ዝርከብሉ ናይዙ ማሕበር ዘለዓለ ኣካል ማለት እዩ።
6. "**ቦርድ**" ማለት ብመሰረት እዙ ሕገ ማሕበር እዙይ ብጉባኤ ዝምረፅ ኣብ ሞንጎ ጉባኤታት ዝለዓለ ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል እዩ።
7. "**ፈፃሚ ዳይሬክተር**" ማለት ንዕለታዊ ስራሕቲ ማልኢ. ዋና ቤት ፅሕፈት ብላዕለዋይነት ንምምራሕ ብቦርድ ዝስየም ኣካል እዩ።
8. "**ዋና ቤት ፅሕፈት**" ማለት ብፈፃሚ ዳይሬክተር ብዝምርሖ ሰብ ሞያ ብጉባኤን ብቦርድን ንዝወሃብዎ መደባትን መምርሕታትን መሰረት ዕለታዊ ስራሕቲ ማሕበር ንምፍፃም ዝተጣየሸ ትካል(ቢሮ) ማለት እዩ።
9. ጨንፈራት ማልኢ. ማለት ንማልኢ. ብኣባልነትን ብእቶትን ንምውዳብን ንምጥንኻርን ዝተኣታተወ ኣገባብ ውዳበ እዩ።
10. "**ተመረፅቲ ኣመራርሓ ኮሚቴ**" ዝበሃሉ በብውዳቤኡ ብናይ ኣባላት ዲሞክራሲያዊ

ንሰናይ ልምዓታዊ ስራሕቲ ማሕበር ብነፃ ኣገልገሎት ንምስራሕ ዝቖሙ ኣካላት ኣመራርሓ እዮም።

11. ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ኩሉ ንኣንስታይ ፆታ'ውን ዝሓውስ ይኸውን።

**ዓንቀፅ-3 <u>ኣመሰራርታ ማሕበር</u>**

እዚ ማሕበር ብ1952 **ዓ/ም** በዝወፀ ፍ/ብሔር ቁፅሪ 404 ኢትዮጵያ ምዝገባ ደንቢ ቁፅሪ 321/1959 መሰረት ብዕለት 8 ሓምለ 1995 **ዓ/ም** ንዘይተወሰነ እዋን ዝተመስረተ መንግስታዊ ፓለቲካዊን ሃይማኖታዊን ዘይኮነ ንኸስቢ ዘይንቀሳቐስ ንልምዓት ዝቖመ ማሕበር 'ዩ።

**ዓንቀፅ- 4 <u>ሕጋዊ ሰብነትን ሃፍቲ ማሕበርን</u>**

እዚ ማሕበር ንዘይመትረፍቲ ማሕበራት ዝወሃብ ሕጋዊ ሰብነት ኣለዎ:: በቲ ዝውክሎ ሰብ ወይ ብዝውክሎም ሰባት ገይሩ ዝስዕቡ ተግባራት ክፍፅም ይክእል::

1. ውዕሊ ክወዓዓል:
2. ክኸስስን ክኽሰስን:
3. ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ክጥሪ ክሸይጥ ክልውጥ ወይ ውህብቶ ክህብን ክቕበልን::
4. ብገንዘብ ዝትመን ሰነዳት ክውፅእ ንኻልኦት ከመሓላልፍ ወይ ከዓ ክትቕበል
5. ልቓሕ ክለቅሕን ክልቃሕን:
6. ናይ ባንኪ ሒሳብ ክኸፍትን ከንቀሳቕስን ክዓፁን::

**ዓንቀፅ-5 ተግባርን ሓላፍነትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ**

1. ኣብ ኢሮብ ንዝካየዱ መደባት ቁጠባዊን ማሕበራዊን ልምዓት ንምትግባር ዝሕግዝ ገንዘብ ማተሪያልን ሓይሊ ሰብን ምትእኽኻብን ኣብ ልምዓት ኢሮብ ንኽውዕል ምግባርን።
2. ንልምዓት ኢሮብ ንምጥንኻርን ፀገም ህዝቢ ኢሮብ ንምፍታሕን ምስ ዝሰርሑን ዝድግፉን ኩሎም ደገፍቲ ልምዓት ኢሮብ ርክብ ምፍጣር
3. ገንዘብን ሓይሊ ሰብን ንምርካብ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ሜላታት ምትላምን ምትግባርን
4. ንልምዓት ኢሮብ ዝሕግዙ መፅናዕታዊ ፕሮጀክትታት ምክያድ ንዘካይዱ ድማ ብምሕጋዝ ኣብ ስራሕ ንክውዕል ምግባር።
5. ወፈያ ንዝገብሩ ውልቀ ሰባትን ትካላትን ምስ ኣብ ኢሮብ ዝካየዱ ወይ ድማ ንኽካየዱ ዝተተለሙ ፕሮጀክትታት ልምዓት ምፍላጥ ከም ኣድላይነቱ ሓበሬታ ምሃብ።
6. ኣብ ወረዳ ኢሮብ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ንምክያድ ንዝደልዩ ሰባት ወይ ትካላት ከከም ኩነታቱ ኣድላይነቱ ብምርኣይ ካብ ክልል መንግስቲን ወረዳ ምምሕዳር ንድላይ ሓገዝ ንክረኽቡ ፃዕሪ ምግባር::

7. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት ኢሮብ ብስፍሓት ዝሳተፍሉ ሜላታት ምትላምን ምብርትታዕን

8. ተፈጥሯውን ሰብ ሰራሕን ሃፍቲታት ኢሮብ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ዓለምን ክፍለጡ ንምግባር ምንቅስቓስ::

9. ንምዕባለ ተፈጥሯውን ሰብኣዊን ሃፍቲ ኢሮብ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክቲታት ብምድላውን ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ዓቕሚ ዝፈቕዶ ኩሉ ምግባር፣ ዝበረሱ ኣግራባት ንምትካእን ዝተፈላለዩ ብመፅናዕቲ ዝተደገፉን ምስ ከባቢ ሰማምዑን ኣግራባት ንክትከሉን ንክባፅሑን ምስራሕ፣ንልምዓት ኢሮብ ክሕግዙ ዝኽእሉ ብዝተፈላለዩ ሞያ ዝሰልጠኑ ኪኢላታት በብሞያኦም ምምዝጋብ ንኽውደቡ ምብርታዕ ምሕጋዝ ኣብ ልምዓት ስራሕ ምውፋር ስራሕቲ ምርምርን መፅናዕትን ንክካይዱ ምትብባዕ::

10. ክከም ኣድላይነቱ ንልምዓት ኢሮብ ኣብ ዝጠቕም ኢንቨስትመንት ምስታፍ

11. ንምዕባለ ታሪኽና: ባህሊ: ኪነትን ስፖርትን ኢሮብ ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ምብርታዕ:: ነዚ ዕላማ ንምፍፃም ምስ ዝቖመ ኣካል ብሓባር ምስራሕ::

12. ጨናፍር ማልኢ ምቛም ነተን ዝቖማ ምጥንኻርን ምክትታልን::

13. ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ ሽቶኡ ዘብፅሑ ካልኦት ተግባራት'ውን ምፍፃም::

ዓንቀፅ-6 <u>ራእይ ዕላማን ተግባራትን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ</u>

6.1. "<u>**ራእይ**</u>" ካብ ድኽነትን ድሕረትን ነፃ ዝኾነት ምዕብልትን ተወዳዳሪትን ዝኾነት ወረዳ ኢሮብ ምርኣይ::

6.2. **ዕላማታት ማልኢ.**

6.2.1 **ሓፈሻዊ ዕላማታት**

ሀ) ናይ ልምዓትን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ስራሕ ንምስራሕ ደቂ ምንቃል መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ምምሕያሽን

ለ) ባህልን ቋንቋን ቅርስን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን

**2.2.2 ዝርዝር ዕላማታት ማልኢ**

- ህዝቢ ኢሮብ ኣብ ዕላል ማልኢ ተወዲቡ ፀገሙ ንክፈትሕ ምትብባዕ ህዝቢ ኢሮብ ናብርኡ ንምምሕያሽ ኣብ ዝገብሮ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ዓቕሚ ክንዲ ዝፈቕዶ ብገንዘብ ብጉልበት ክእለትን ማተርያልን ሓገዝ ምግባር።
- ህዝቢ ኢሮብ ካብቲ ዘለዎ ትሑት ናብራ ወፂኡ ናብ ዝደለደለን ዘተኣማምንን ደረጃ መነባብሮ ንኽበፅሕ ልምዓታዊ ስራሕ ምስ ዘካይዱ ኩሎም ህዝባውን መንግስታውን ትካላት ወይ ውልቀ ሰባት ብሓባር ብምስራሕ ልምዓት ኢሮብ ምርግጋፅ።

- ቋንቋን ባህሊን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን
- ጥዕናኡ ዝተሓለወ ሕ/ሰብ ንክህሉ ምፅዓር
- ብስፖርት ዝበሰሉን ተወዳደርቲ ዝኾኑን መናእሰይ ክፈርዩ ምግባር
- ዕሬት ትምህርቲ ብምሕላው ንትምህርቲ ዝኣኸለ ዜጋ ኩሉ ክመሃር ምስራሕን ምብርትታዕን፣
- ኣብ ሕ/ሰብ ኢሮብ ኩለመዳያዊ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ንምምፃእ ኣበርትዕኻ ምስራሕ::

ዓንቀፀ-7 **አርማ እዚ ማሕበር**

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ህልዊ ኩነታት ከባቢናን መፃኢ ናይ ልምዓት ራኢናን ዘንፀባርቕ ናይ ባዕሉ ኣርማ ኣለዎ::

ዓንቀፅ-8 **አድራሻ ቤት ፅሕፈት**

1. ናይ ማልኢ ዋና ቤት ፅሕፈት ኣብ መቐለ ይኸውን፤ ከም አድላይነቱ ብውሳነ ቦርድ ክቕየር ይኽእል::ጨንፈር አብያተ ፅሕፈት ኣብ ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያን ወፃኢ ሃገራትን ይህልውዎ::

ዓንቀፅ- 9 **ናይ ዕላማ ሓድነት**

ማልኢ መንግስቲ ዝሓንፀፆ ድኽነት ናይ ምንካይ ፖሊሲ ደጊፉ ጠጠው ዝበለ ስለዝኾነ ምስ ኩሎም ናይ ልምዓት ውዳቤታትን ናይዚ ማሕበር ዕላማታት ምስ ዝድግፍ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ወገናት ስጡም ዝምድና ይህልዎ::

ዓንቀፅ- 10 **ኣባልነት**

ማልኢ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይህልውዎ:-

1. ውልቀ ኣባልነት
2. ትካላዊ ኣባልነት
3. ክብሪ ኣባልነት

ዓንቀፅ- 11 **መመዘኒ ረቛሒ ኣባል**

1. ብዘይ ምንም ኣፈላላይ ዓሌት፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ፆታ፣ዜግነት፣ ፖለቲካ ዕድመ ከይፈለየ ንዕላማታት ማልኢ ዝድግፍ

2 ብዓቕሙ ክፍሊት ኣባልነት ንምኽፋል ድልዊ ዝኾነ

3 ኣባል ንምኻን ፍቓደኛ ዝኾነን ድሌት ዘለዎን::

12. **መሰል ኣባል**

1. ብመሰረት ሕገ ደንቢ ማልኢ ኣባል ዝኾነ ኩሉ በብውዳቤኡ ዝግበሩ መረፃታት ንክመርፅን ክምረፅን መሰሉ ሕልው እዩ::

2. ኩሉ ኣባል ብዛዕባ ህልው ኩነታትን ምንቅስቃሳትን ማልኢ ንክፈልጥ መሰሉ ሕልው እዩ::

3. ማሕበር ኣብ ዘካይዶም ኣኼባታትን ዘተታትን ምስታፍ ምቅዋም ከምኡ'ውን ሃነፅቲ ሓሳባት ምቕራብ::

4. ካብ ማሕበር ብናይ ባዕሉ ፍቓድ ናይ ምስንባት መሰል ኣለዎ::

13 ግቡእ ኣባል

1 ሕገ ማሕበርን መተሓዳደሪ ስሪትን ማልኢ ከምኡ'ውን ብመሰረት እቲ መተሓዳደሪ ስሪት ንዝወፁ መምርሒታት ብግቡእ ምኽባር::

2 ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪታት ዝርከቡ ኣካላት እዚ ማሕበር ዘመሓላልፍዎም ውሳኔታት ምትግባርን ንኽትግበሩ ምድጋፍን::

3 ብማሕበር ኣብ ዝቖማ ዝተፈላለያ ኮሚቴታት ብምስታፍ ምግልጋል::

4 ወርሓዊ ክፍሊት ኣባልነት ብእዋኑ ምኽፋል ከምኡ'ውን ከከም ኣድላይነቱ እቲ ጉባኤ ወይ ቦርድ ኮሚቴ ወይ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪ ዘለዉ ናይዚ ማሕበር ኣካላት ኣመራርሓ ካልእ ኣስተዋፅኦ ክገብር እንትውስኑ እጃምካ ምውፋይ::

14 ናይ ክብሪ ኣባል

1 ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ንምዕዋት ብጉልበቱ ብሞይኡ ወይ ድማ ብገንዘቡ ርኡይ ዝኾነ ዓብይ ኣስተዋፅኦ ዝገበር ውልቀ ሰብ ወይ ትካል ብቦርድ እዚ ማሕበር ተመሪፁ ናይ ክብሪ ኣባል ይኸውን::

2 ናይ ክብሪ ኣባል ብምኻን ዘተመረፀ ውልቀ ሰብ ወይ ትካል ማሕበር ኣብ ዘዳልዎም መድረኻትን ኣኼባታትን ናይ ክብሪ ቦታ ሒዙ ይሳተፍ::

3 መመዘኒታትን ኣመላምላን ብቦርድ ፀዲቑ ተግባራዊ ይኸውን::

4 መረጋገፂ ክብሪ ኣባልነት ፍሉይ ወረቐት ምስክር ብቦርድ ዳይሬክተር ይወሃብ

ዓንቀፅ-15 ፍልፍል እቶትን ናይ ኣባላት ማልኢ ክፍሊትን

ፍልፍል እቶት ማልኢን መበገሲ ናይ ኣባላት ክፍሊትን ከም ዝስዕብ ይኸውን፦

1. ካብ ወርሓዊ ክፍሊትን ወፈያን ኣባላት
2. ካብ ወሃብቲ ሓገዝ ገበርቲ-ሰናይ ዝርከብ ገንዘብ
3. ፕሮጀክት ብምቕራፅ ዝርከብ ሓገዝ
4. ዝተፈላለዩ እቶት መተኣኻኸቢ መድረኻት ብምድላው ዝርከብ ኣታዊ ይኸውን::
5. ወርሓዊ ክፍሊት ኣባላት ግዜን ኩነታትን ናይ ምኽፋል ዓቕምን ብምግንዛብ ብቦርድ ክቕየር ዝኽእል ኮይኑ ዝተሓተ ክፍሊት ከምዝስዕብ ይኸውን፦

ሀ) ን1$^{ይ}$ ን 2$^{ይ}$ ብርኪ ተምሃሮ መበገሲ 1 ብር ኣብ ወርሒ

ለ) ንናይ ዩንቨርስቲ ተምሃሮ መበገሲ 2 ብር ኣብ ወርሒ

ሐ) ንሓረስቶት መበገሲ 5 ብር ኣብ ወርሒ

መ) ንሰራሕተኛታት መበገሲ 10 ብር ኣብ ወርሒ

ረ) ንነጋዶ መበገሲ 20 ብር ኣብ ወርሒ ኮይኑ ካብዚ ንላዕሊ ክኸፍል ድሌት ዘለዎ ከከም ዓቕሙ ወሲኹ ክኸፍል ይኽእል።

## ምዕራፍ ክልተ

### ሓፈሻዊ ቅርፂ ማሕበርን ሓላፍነት ስራሕን

**ዓንቀፅ-16 ቅርፂ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ**

እዚ ማሕበር እዞም ዝስዕቡ ዋና ዋና ማሓውራት ይህልዎ

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ
2. ቦርድ
3. ቤት ፅሕፈት
4. ጨንፈር ኮሚቴታት
5. ኦዲትን እዮም::

**ዓንቀፅ-17 ሓፈሻዊ ጉባኤ**

1. ስሩዕ ጉባኤ ማልኢ. በብሰለስተ ዓመቱ ብቦርድ ብዝውሰን በዝሕን ብዝመሓላለፍ ፃዊዒትን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝተመረፁ ተወከልቲ ጨናፍር ውሽጢ ዓዲን ወፃእን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ዕዱማትን ብዘሳትፍ ኣገባብ ዝካየድ ዝለዓለ ኣካል ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዩ::
2. ህፁፅ ጉባኤ ማልኢ. ብፍሉይ ኩነታት ቦርድ ኣብ ዝኣመነሉ እዋን ኣብ ሞንጎ ስሩዕ ጉባኤ ዝፅዋዕ እዩ::
3. ስሩዕን ህፁፅን ጉባኤታት ብቦርድ ዝውከሉ ሰነዳት ኮሚቴ ይዳሎ።

**ዓንቀፅ-18 ስልጣንን ተግባርን ሓፈሻዊ ጉባኤ**

1. ሕገ ማሕበር የፅድቕ የመሓይሽ ውሳኔታት ጉባኤ ብትኽክል ኣብ ስራሕ ምውዓሎም የረጋግፅ::
2. ኣባላት ቦርድ ይመርፅ
3. መደባት ስራሕን በጀትን የፅድቕ ወይ ድማ ንቦርድ ይውክል::
4. ፍፃሜታት ስራሕ ሕሉፍ ዓመት ይግምግም::
5. ፀብፃብ ኦዲተራት ማሕበር ይምርምር የፅድቕ
6. ፍልፍል ኣታዊ ማሕበር ይውስን::

**ዓንቀፅ-19** <u>ኣኼባን ናይ ውሳነ ስነ-ስርዓት ደንቢን ሓፈሻዊ ጉባኤ</u>

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ ብቦርድ ኣቦ-መንበር ይምራሕ:-
2. ሓፈሻዊ ጉባኤ ማልኢ ኣብ ሰለስተ ዓመት ሓደ ጊዜ ይካየድ: ኮይኑ ግና ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብን ብቦርድ ዳይሬክተር (ኣቦ-መንበር) ወይ ድማ በሓደ ሲሶ (1/3) ኣባላት ቦርድ ብፅሑፍ ሕቶ እንትቐርብ ህፁፅ ወይ ተወሳኺ ኣኼባ ክግበር ይከኣል:-
3. ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት እቲ ጉባኤ እንትርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን:-
4. ዝኾነ ውሳኔ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣብ ኣኼባ ካብ ዝተረኸቡ ኣባላት 50%+1 ድምፂ ይውሰን:
5. ናይ ቦርድ መረፃ እንትግበር ሰለስተ መማረፂ ኮሚቴ ተመሪፆም መረፃ ክካየድ ይግበር:-
6. መማረፅቲ ኮሚቴ ክመርፁ'ምበር ክምረፁ ኣይኽእሉን:

**ዓንቀፅ-20** <u>ስራሕን ሓላፊነትን ቦርድ</u>

ተፀዋዕነት ቦርድ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነትን ይህልዎ

1. ኣቦ መንበር ምክትል ኣቦ መንበርን ፀሓፊን ይመርፅ
2. ውሳኔታት ጉባኤ የተግብር
3. ፖሊሲ ማሕበርን ስትራተጂ ልምዓትን ይሕንፅፅ ተግባራውነቶም'ውን ይከታተል
4. መደባት ስራሕትን በጀትን ይውስን
5. መመሓደሪ ማኑዋል ማሕበርን ጨናፍርን የፅድቕን የመሓይሽን
6. ብውሑድ ኣብ ዓመት ክልተ ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ እናካየደ ስራሕ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ይከታተልን ይገምግምን
7. ሓፈሻዊ ውዳበን ቅርፂ ማሕበር የፅድቕ
8. ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ከምኡ'ውን ኣመራርሓን መምርሒታት ምምሕዳር ገንዘብን ሓይሊ ሰብን ካልኦትን የፅድቕ
9. መሸጣ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረትን ውህብቶን ልቓሕን የፅድቕ
10. ኣንፈታት ኣወዳድባን ቅርፅን ማልኢ የነፅር ይውስን፣ ከምኡ'ዉን መጠን ክፍሊት ኣባላት  ይዉስን።
11. ንፈፃሚ ዳይሬክተርነት ወይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዝበቅዕ ሰብ ይምድብ መሃይኡ'ውን ይውስን የሰናብት።
12. ስሩዕን ህፁፅን ጉባኤ ይፅውዕ ካብ ነብሲ ወከፍ ጨንፈር ናብቲ ጉባኤ ዝውክሉ በዝሒ ኣባላትን ጉባኤ ዝካየደሉ ቦታን ይውስን
13. ቦርድ ኣድላይ መሲሉ እንትረኺብዎ ሓፈሻዊ ስሩዕ ጉባኤ ካብ ዝተወሰነሉ ጊዜ ንሸድሽተ (6) ኣዋርሕ ክናውሐ ይኽእል

14. ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ናይ ዝኾነ ጨንፈር ኣባላት ኣመራርሓ ክፅውዕን ብዛዕባ ማሕበር ከመያይጥን ይኽእል፣ ብብቑዕ ምኽንያት ኣመራርሓ ኮሚቴታት ክእግድ፣ ክሰናብት ክሳብ መረፃ ዝካየድ ግዜያዊ ኮሚቴታት ከጣይሽ ይኽእል

15. ናይ ስነ-ምግባር ጉድለት ዘለዎም ኣባላት ቦርድ የሰናብት፣ ብጉድለት ስነ-ምግባር ወይም ብድሌቶም ናይ ዝለቐቑ ኣመራርሓ ቦርድ(ኣቦ ወንበር፣ ምክትል ኣቦ ወንበርን ፀሓፍን) ካብ መንጎ ኣባላት ቦርድ ይትክእ።

16. ካልኦት ብፈፃሚ ዳይሬክተር ወይ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ዝቐርቡ ኣገደስቲ ጉዳያት ይውስን

17. ጉባኤ ዝሀቦ ካልኦት ተግባራት ይፍፅም

18. በዝሒ ኣባላት ጉባኤ ብድምፅን ብዘይ ድምፅን ዝሳተፉ ጉባኤተኛታት ይውስን::

19. ስራሕ ዘመን ቦርድ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይውሰን::

ዓንቀፅ-21 <u>ስልጣንን ተግባርን ቦርድ ዳይሬክተር</u>

1. ኣኼባ ሓፈሻዊ ጉባኤን ቦርድን ብኣቦ መንበርነት ይመርሕ
2. ተፀዋዕነት ቦርድ ዳይሬክተር ንሓፈሻዊ ጉባኤን ንቦርድን ይኸውን
3. ንኣባላት ቦርድ የተሓባብርን ይውክልን
4. ናይ ቤት ፅሕፈት ማልኢ ስራሕ መካየድን ከም ኣድላይነቱ ካልኦት ሓለፍቲ ቤት ፅሕፈት ናብ ቦርድ ኣቕሪቡ የፅድቕ
5. ሰራሐተኛታት ቤት ፅሕፈት የሰናብት
6. ናይ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ኣፈፃፅማ ብቐረባ ይከታተል ይመርሕ
7. ብሓፈሻዊ ጉባኤን ብቦርድን ዝውሰኑ ውሳኔታት ማሕበር የተግብር ተግባራውነቶም'ውን ይከታተል

8.እዋናዊ ፀብፃብ ቤት ፅሕፈትን ኮሚቴታትን ይቕበል

9.ስራሕቲ ኮሚቴታትን ጨናፍርን የመርሕ ይከታተል ኣድላይ ደገፍ ይገብር

10. ናይ ማሕበር ባንኪ ሒሳብ ብማሕበር ሽም ክኽፈት ይፈቅድን ፈረምቲ ይውክልን
11. ናይ ደገ ኦዲተራት ይስይም ክፍሊቶም የፅድቕ
12. ንናይ ማሕበር ዕላማን ጥቕምን ዝውዕል ክፍሊት የፅድቕ ይውስን
13. ናይ ማሕበር ፀብፃብ ንቦርድን ንሓፈሻዊ ጉባኤን የቕርብ
14. ናይ ቤት ፅሕፈት ሰራሕተኛታት መሃያ ኣበልን ጥቕማ-ጥቕምን ይፈቅድ
15. ኩሎም ብቦርድ ዝወሃብዎ ስራሕቲ ይፍፅም::

ዓንቀፅ- 22 <u>ስራሕን ሓላፍነትን ምክትል ኣቦ መንበር ቦርድ ማልኢ</u>

1. ብቦርድ ዝምረፅ ይኸውን
2. ኣቦ መንበር ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ተኪኡ ይሰርሕ
3. ቦርድ ብዝህቦ ውክልና ካልኦት ተግባራት እውን ይፍፅም
4. ሕገ ደንቢ ቦርድ ተግባራዊ ንክኸውን ኣድላይ ክትትልን ቁፅፅርን ይገብር::

ዓንቀፅ-23 <u>ስራሕን ሓላፍነትን ፀሓፊ ቦርድ</u>

1.ኣጀንዳታት ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣኼባ ኣመራርሓ ቦርድ ስራሕ የዳሉ ቃለ-ጉባኤ ይሕዝ የፈርም
2. ናይ ማሕበርን ቦርድን ሰነዳት ብኣግባቡ ክተሓዝ ይገብር ንተግባራዊነቱ'ውን ይከታተል
3. ብኣቦ መንበር ወይ ምክትል ኣቦ መንበር ዝዋሃብዎ ተወሰኽቲ መደባት ስራሕ ይፍፅም
4. ብመሰረት ሕጊ ደንቢ ኣመራርሓ ቦርድ ዝዋሃብዎ መደባት ይፍፅም::

ዓንቀፅ-24 <u>ስራሕን ሓላፍነትን ስራሕ መካየዲ ቤት ፅሕፈት</u>

1. ተፀዋዕነቱ ንቦርድ ዳይሬክተር ይኸውን
2. ናይ ማሕበር ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ብሕግን ኣሰራርሓን መሰረት የማሓድር ድሕንነቶም'ውን የረጋግፅ
3. ብቦርድ ዳይሬክተር ብፅሑፍ ምስ ተፈቐደሉ እዚ ማሕበር ምስ ሳልሳይ ወገን ዝገብሮም ውዕለትን ካልኦት ርክባትን ነዚ ማሕበር ወኪሉ ይሰርሕ
4. ናይ ማሕበር ዓመታውን ስትራተጅክ ትልምን የዳሉ ምስ ፀደቐን ብቦርድ እንትፍቀድን ተግባራዊ ይገብር
5. ናይ ማሕበር ቤት ፅሕፈት በጀት የዳሉ ብቦርድ ምስ ፀደቐ ተግባራዊ ይገብር
6. ናይዚ ማሕበር ዕላማ ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ እቶት ዘረክቡ ፕሮጀክታት ኣዳልዩ ንቦርድ ዳይሬክተር የቕርብ ምስ ተፈቐደሉ ንገበርቲ-ሰናይ ትካላት የቕርብ ኩነታቱ ንቦርድ ዳይሬክተር ብእዋኑ ሓበሬታ ይህብ መልሲ ምስ ተረኸበ ተግባራዊ ይገብር
7. ናይ ማልኢ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ፈፀምትን ሰራሕተኛታትን ይመርሕ የተሓባብር ይቆፃፀር
8. እዚ ማሕበር ስራሕቱ ንምስላጥ ዘኽእልዎ ደንቢታት የዳሉ ክዳሎ ይገብር ብቦርድ እንትፀድቕ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር
9. ብዛዕባ ምንቅስቓስ እዚ ማሕበር እዋናዊ ፀብፃብ የቕርብ
10. ንቤት ፅሕፈት ዘድልዩ ሰራሕተኛታት ንምቑፃር ሕቶ ንቦርድ ዳይሬክተር የቕርብ ምስተፈቐደሉ ይቖፅር
11. ብመሰረት ብቦርድ ዝፀደቐ መምረሒታትን ማንዋልን ብውክልና ሒሳብ ባንኪ ማሕበር የንቀሳቕስ ኣብ ጨንፈር ማሕበራት'ውን ሒሳብ ባንኪ ኣብ ምኽፋት የተሓባብር::

12. ናይ ሰራሕተኛታት መሃያን ካልኦት ጥቕማ-ጥቕምን ብቦርድ ዳይሬክተር ወይ ብወኪል ምስ ተፈቐደሉ ክፍሊት ይፍፅም
13. ኣብ ውሽጢ ዓድን ወፃኢን ዝርከባ ጨናፍር ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ስራሕቲ ንኽሳለጥ ኩነታት የመቻቹ ንምጥንኻርን ብመሰረት ሕገ ማሕበርን ብዝፀደቐ በጀትን መሰረት ዘድሊ ሓገዝ ይገብር ዕላማ ማሕበር ንክሳኻዕን ኣባላት ማልኢ ንክስስኑን ኩሉ ዓይነት ድጋፍ ይህብ ንምዕዋተን ድማ ብንጥፈት ይሰርሕ
14. ሒሳብን ምንቅስቓን ማሕበር ብናይ ደገ ኦዲተር በብዓመቱ የመርምር ስራሕ ኣብ ዝለቀሉ እዋን ድማ ኣመርሚሩ ናይ ምርካብ ግዴታ ኣለዎ
15. ናይ'ዚ ማሕበር ፍቓድ በብክልተ ዓመቱ የሐድስ
16. ካልኦት ብቦርድ ዳይሬክተር ዝወሃብዎ ስራሕቲ ይፍፅም
17. ኣብ ናይ ቦርድ ኣኼባ ብዘይ ድምፂ ይሳተፍ ::

**ዓንቀፅ- 25** <u>ኣቃውማ ኮሚቴታት</u>

ኣብ ዝተፈላለያ ከባቢታት በዝሖም ብኣባላት ዝውሰን ብኣባላት ማሕበር ዝምረፁ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ኮሚቴ ይህልዉ

1. ኣቦ መንበር
2. ፀሓፊ
3. ሒሳብ ሹም
4. ተሓዚ ገንዘብ
5. ኦዲተር እዮም

**ዓንቀፅ-26.** <u>ስራሕ ሓላፍነትን ኣቃውማን ጨናፍር ኮሚቴታት</u>

ኣብ ዝተፈላለያ ከባቢታት ዝምስረታ ጨንፈር ኮሚቴታት ማልኢ ብኣቦ መንበር እናተመርሓ እዞም ዝስዕቡ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ይህልወን:-

1. ኣብ ውሽጢ ዓዲ ኣወዳድባ ክልላውን ንማሕበር ከዐውት ይኽእል እዩ ተባሂሉ ብቦርድ ብዝእመነሉ ኣግባብን ይውደብ
2. ኣብ ወፃኢ ዓዲ ብመሰረት ሃገር ወይ እስቴት ደረጃ ይጣየሽ
3. እዚ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወፃኢ ኣድላይነቱ እናተርኣየ ብሓደ ዝዕፀፍ ወይ'ውን ኣብ ክልተ ዝምቀል ተራእዩ ይስተካኸል
4. ኣቃውማ ጨናፍር ብዋና ቤት ፅሕፈት ኣቕራብነት ብቦርድ እንትፀድቕ ተፈፃምነት ይህልዎ::

5. ስፍሓትን በዝሒ ኣባላትን እቶትን መሰረት ብምግባር ሙሉእ ግዜኦም ኣብ ናይ ኣባላት ውዳበን ምልዒዓልን ወይ'ውን ፕሮጀክትን እቶትን ስራሕቲ ዝዋፈሩ ክኢላታት ይሀልውዎ:: ዝርዝር ኣወዳዳባን ኣሰራርሓን ብቦርድ ይፀድቕ
6. ኣመራርሓ ኣካላት ጨናፍር ብኣባላት ማሕበር ዝምረፁ ኮይኖም ኣቦ መንበር ፀሓፊ ሒሳብ ሹም ገንዘብ ተሓዚን ኦዲተርን ዘለዎም ካብ ሓሙሽተ (5) ክሻብ ሸውዓተ (7) ኣባላት ዝኾኑ ይምረፁ ተፀዋዕነቶም ድማ ንዝመረፆም ኣባላትን ንቦርድ ዳይሬክተርን ይኸውን::
7. ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ተወለድትን ፈተውትን ኢሮብ ዕላማ ማሕበር ንምስኻዕ ክውደቡን ናይ ገንዘብ ወፈያ ክገብሩን ምትሕብባር
8. ብቦርድ ዳይሬክተር ብዝስየሙ ፈረምቲ ናብ ዝንቀሳቐሰ ባንኪ ሒሳብ ካብ ኣባላትን ሓገዝቲ ልምዓትን ዝተረኸበ ገንዘብ ኣታዊ ምግባር፣ እንትፍቀደሎም ምንቅስቃስ ።
9. ብቦርድ ዳይሬክተር እንትፍቀደሎም መድረኽ መተኣኻኸቢ እቶትን ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታትን ብምድላው እቶት ማሕበር ምዕባይ
10. ሓድነት ህዝቢ ኢሮብ ክጠናኸር ምዕዓር
11. ብቦርድ ዳይሬክተር እንትፍቀደሎም ንዕላማ ማሕበር ዝውዕል ክፍሊት ምፍፃም
12. ናይቲ ከባቢ ኣባላት ዝምርሑሉ መምርሒ ምድላው ብቦርድ ምስ ተፈቐደሎም ተግባራዊ ምግባር
13. ገንዘብ ንብረትን ሰነዳትን ማሕበር ብኣግባቡ ክተሓዝ ምግባር
14. እዋናዊ ሪፖርት ንዝመረፆም ኣባላትን ንቦርድ ዳይሬክተርን ምቕራብ
15. ናይ ስራሕ ዘመኖም እንትውዳእ ንብረትን ገንዘብን ማሕበር ኦዲት ኣግቢርካ ንቐፃሊ ኮሚቴ ምርካብ
16. ብናይ ስነ-ምግባር ጉድለት ወይ ብካልእ ብቑዕ ምኽንያት ክሰርሑ ዘይኽእሉ ኣባላት ኣመራርሓ የውርድ ከክንድኦም ብመረፃ ማሕበር ካልኦት ይትክእ
17. ካልኦት ብኣባላቶምን ብቦርድ ዳይሬክተርን ዝወሃቦም ተመሳሰልቲ ስራሕቲ ይሰርሑ
18. ኣመራርሓ ኣካላት ጨንፈር ማልኢ በብ2ተ ዓመቱ ይምረፁ::
19. ጨንፈራት ንመሳለጢ ስራሖም ንኡሳን ኮሚቴታተ ከጣይሹ ይኽእሉ
20. ጉበኤ ጨንፈራት በብዓመቱ ይካየድ፣ ኣብቲ ጉባኤ ኣፈፃፅማ ስራሕን ናይ ዉሽጢ ኦዲት ዉፅኢትን ሓዊሱ ካልኦት ኣብ ኣገደስቲ ኣጀንዳታት ቐሪቦም ጉባኤተኛ ተማይጡ ከፅድቖም ይግበር::
21. ዝኾነ ይኹን ዉሳነታት ኣኼባ ጨናፍር ብኣብዝሓ ድምፂ ይዉሰን::

ዓንቀፅ-27 <u>ስራሕን ሓላፍነትን ሒሳብ ሹም</u>

ሒሳብ ሹም ብቦርድ ዝምደብ እንተኾይኑ ተፀዋዕነቱ ንቦርድ ዳይሬክተር ኣብ ቤት ፅሕፈት እንተኾይኑ ተፀዋዕነቱ ንስራሕ መካየዲ ናይ ኮሚቴታት ሒሳብ ሹም ድማ ተፀዋዕነቱ ንኣቦ መንበር ጨንፈር ኮሚቴ ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልዎም::

1. ናይ ማሕበር ሒሳብ ኣታውን ወፃእን ይቆፃፀርን ብትኽክል ክምዝገብን ክተሓዝን ይገብር
2. ናይ'ዚ ማሕበር ሒሳብ ዝንቀሳቐስ ብተቐባልነት ዘለዎም ናይ ሒሳብ ኣሰራርሓ መሰረት ምኻኑ ይቆፃፀር
3. ናይ ማሕበር ገንዘብ ብእዋኑ ናብ ባንኪ ኣታዊ ምግባሩ የረጋግፅ
4. ናይ ሒሳብ ሰነዳት ብጥንቃቐ ክተሓዙ ይገብር
5. ሒሳብ ኦዲት ንኽግበር የዳሉ እዋናዊ ሪፖርት ይገብር
6. ብዝምልከቶ ኣካል ዝተፈቐደ ወፃኢ ክኸፍል ንካሽሪ ይእዝዝ
7. ኣብ ዕላማን ተግባርን ማልኢ ዝተመስረተ ብዋና ቤት ፅሕፈትን መምርሒ ቦርድን ዝወሃብዎ ተወሰኽቲ ስራሕቲ ይፍፅም::

ዓንቀፅ-28 <u>ስራሕን ሓላፍነትን ተሓዚ ገንዘብ</u>

ተሓዚ ገንዘብ ተፀዋዕነቱ ንሒሳብ ሹም ኮይኑ ዝስዕቡ ስራሕን ሓላፍነትን ይህልዎም::

1. ኣታዊን ወፃእን ናይዚ ማሕበር ብሕጋዊ ደረሰኝ (ቅብሊት) ይፍፅም
2. ዝተኣከበ ገንዘብ ብእዋኑ ናብ ባንኪ ኣታዊ ይገብር ናይ ኣታውን ወፃኢ.ን ሰነዳት ብጥንቃቐ ይሕዝ
3. ምስ ሒሳብ ሹም ብሓባር ወርሓዊ ኣታውን ወፃእን ሒሳብ ሚዛን የዳሉ
4. ብዝምልከቶ ኣካል ዝተኣዘዘ ምኻኑ ብምርግጋፅ ብሒሳብ ሹም እንትእዘዝ ክፍሊት ይፍፅም
5. ብዝምልከቶ ኣካል ኣብ ዝእዘዘሉ እዋን ሒሳብን ሰነዳትን ብናይ ውሽጥን ደገን ኦዲተር የመርምር
6. ስራሕ እንትለቅቕ ወይ ካብ ሓላፍነት እንትቕየር ብኦዲተር ኣመርሚሩ የረክብ
7. ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ስራሕቲ ብዝምልከቶ ሓላፊ እንትእዘዝ ይፍፅም::

ዓንቀፅ-29 <u>በጀት ዓመት</u>

ዘመን በጀት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብኣቆፃፅራ ኢትዮጵያ በብዓመቱ ካብ 1 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ ይኸውን::

ዓንቀፅ-30 **ምምሕዳር ንብረትን ገንዘብን ማሕበር**

1. በብዓመቱ መወዳእታ መካየዲ ስራሕ ናይ ዝሓለፈ በጀት ዓመት ኣፈፃፅማ ሪፖርትን ንቐፃሊ ዓመት ዘድሊ ንብረትን ዝስርሑ ስራሕትን ብዝርዝር ዋጋ ብምቕማጥ ኣዳልዩ ብቦርድ ምስ ፀደቐ ተግባራዊ ይገብር
2. ሒሳብ ሚዛን ሕሉፍ ዓመት ዝነበረ ትልምን ኣፈፃፅማኡን ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ማሕበርን ብናይ ውሽጢ ኦዲተር ኣመርሚሩ ሪፖርት ይገብር።

ዓንቀፅ-31 **ኦዲት ክፍሊ ናይዚ ማሕበር**

እዚ ማሕበር ተፀዋዕነቱ ንኣፈሻዊ ጉባኤ ዝኾነ ናይ ባዕሉ ውሽጣዊ ኦዲተር/ራት ይህልዎ ስራሕን ሓላፍነትን ድማ ከምዝስዕብ ይኸውን፡-

1. ናይዚ ማሕበር ናይ ገንዘብ ምምሕዳር ኣግባብነት ብዘለዎ ናይ ሒሳብ ኣተሓሕዛ ስርዓት ዝተትሓዘ ምዃኑን እዚ ማሕበር ዝረኸቦ ኣታዊን ዝገበሮ ወፃኢን ናይ ንብረት ምምሕዳርን ብናይ ማሕበር ሕገደንብን ከምኡ ብተቐባልነት ዘለዎ ናይ ሒሳብ ኣተሓሕዛን ኣመሓድራን ዝተኸተለ ምዃኑ የረጋግፅ
2. በዚ ማሕበር ዝምደብ በጀት ብዝግባእ በቲ ዝፀደቐ ፕሮግራም መሰረት ኣብ ስራሕ ይዉዕል ምህላው ይከታተልን ይቆፃፀርን
3. ናይ ማሕበር ገንዘብን ንብረትን ብትኽክል ምምዝጋቡን ምትሓዙን ይቆፃፀር
4. ብዛዕባ ናይ'ዚ ማሕበር ገንዘብን ንብረትን ናይ ሓባር ምምሕዳር ብዝምልከት ንቦርድን ንቤት ፅሕፈትን ጨንፈር ኮሚቴታትን ምኽሪ ይህብ
5. ዝኾነ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ሒሳብ ኣሰራርሓ ምጭብርባር ወይ ተንኮል ዘለዎ ኮይኑ እንተተረኺቡ እቲ ሒሳብ ዝምልከቶም ሰነዳትን መዛግብትን ናይ ምፅሻግን ምርመራ ናይ ምክያድን ስልጣን ኣሎዎ
6. ብዛዕባ ስርሑ ፀብፃብ ንስራሕ መካየዲ ቦርድን ሓፈሻዊ ጉባኤን የቕርብ
7. ብዛዕባ ኣሰራርሓኡ ውሽጣዊ መምርሒ ከውፅእ ይኽእል::

ዓንቀፅ-32 **ንምምራፅ ዘብቅዑ መመዘኒታት**

**ንኣመራርሓ ዝምረፅ ኣባል ዝስዕቡ መመዘኒታት ዘማልአ ይኸውን:-**

1. ፅቡቕ ስነ-ምግባርን ብቕዓትን ዘለዎ
2. ናይ ማሕበር ዕላማታት ዝድግፍን ንተግባራዊነቱ ዝንቀሳቐስን
3. ዝወሃቦ ሓላፍነት ምቕባልን ተግባራዊ ምግባርን ዝኽእል
4. ናይ ሓባር ዲሞክራሲያዊ ኣመራርሓን ናይ ውልቀ ሓላፍነትን ብፅሒትን እምነት ዘለዎ::
5. ብገንዘብ ምጥፍፋእ ወይ ብእምነት ምጉዳል (ግዕዝይና) ዘይተጠርጠረን ዘይተኣሰረን::

ዓንቀፅ-33 <u>ርኽክብ ስራሕ</u>

1. ድሕሪ መረፃ ቦርድ ኣመራርሓ ኣብ 10 መዓልቲታት ናይ ስራሕ ርኽክብ ይፍፀም::
2. ኮሚቴ ኦዲትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን እቲ ናይ ስራሕ ርኽክብ ክፍፀም ኣብ ከይዲ ይሳተፍን ይቆፃፀር::

ዓንቀፅ-34 ካብ ኣባልነት ዘሰናብቱ ጉድለታት

1. ብሕገ ማሕበርን በቲ መተሓዳደሪ ስሪትን ዝተወሰነሉ ግቡኡ እንተዘይ ፈፅሙን ብመመሓደሪ ደንቢ ተገዛኢ እንተዘይኮይኑ:
2. ናይ ማሕበር ዕላማ ከይዕወት ብውልቀ ይኹን ጉጅለ ብምፍጣር ምትዕንቓፍ እንተፈጢሩ
3. በቲ ጉባኤ ወይ ድማ ብኻልኦት ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪታት ዝርከቡ ናይ ማሕበር ኣካላት ኣመራርሓ እኹል ምኽንያት እንተረኺቦሙሉ ነቲ ኣባል ካብ ማሕበር ክሰናበት እንትውስኑ ካብ ማሕበር ይሰናበት፣ ከከም ክብደት ጥፍኣቱ ብዘይ መጠንቀቕታ ወይ ድማ ኣቐዲሙ ናይ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ክበፅሖ ብምግባር ይፍፀም።
4. ብናይ ባዕሉ ድሌት ኣብ ማሕበር ንምቕፃል ድሌት ከምዘይብሉ ብፅሑፍ ወይ ብቓል እንተፍልጥ:
5. ካብ'ዙ ዓለም ብሞት እንትፍለ:
6. ሓደ ኣባል ካብ ማሕበር እንትሰናበት ዝምለሰሉ ገንዘብ ወይ ካልእ ዝግበረሉ ነገር ኣይህሉን:
7. ናይዚ ማሕበር ዝለዓለ ቅፅዓት ዝጠፍአ ናይ ማሕበር ንብረት ይኹን ገንዘብ ብኣግባቡ
   ክምለስ ብምግባር ካብ ማሕበር ምስንባት እዩ::

ዓንቀፅ-35 <u>ኣቃውማን ዝርዝር ስራሕን ሓላፍነትን ጉባኤ ኣሰናዳውት ኮሚቴ</u>

1. <u>ኣቃውማ</u>
   1.1. ጉባኤ ኣሰናዳውት ኮሚቴ በዚ ሕገ ደንቢ ተጣይሹ ኣሎ።በዝሖምን ኣወካክላኦምን ብቦርድ ይወስን ።
   1.2 መዳለውቲ ኮሜቴ ብቦርድ ካብ ዝተጣይሹሉ እዋን ጀሚሩ ትልሚ ናብ ቦርድ ዳይሬክተር ኣቕሪቦም የፅድቑ።

2. ስራሕን ሓላፍነትን ኣሰናዳዊት ኮሚቴ

1. ቦርድ ብዝህባ ኣንፈትን መምርሕን መሰረት ዝርዝር ትልሚ ኣዳልያ ኣብ ቦርድ ምስ ኣፅደቐት ተግባራዊ ትገብር
2. ኣቐዲሞም ብቦርድ ዝፀደቑ ኣጀንዳታት ኩለን ጨናፍር ውዳበታት ንክመያየጣሉ ትገብር
3. በቲ ቦርድ ዝወሰኖ መሰረት ብድምፅን ብዘይድምፅን ዝሳተፉ ጉባኤተኛታትን ዕዱማት ኣጋይሽን ብግልፅነት ዲሞክራሲያዊ ኣግባብ ብዝሓለወ መንገዲ ንክውከሉ ትገብር
4. ንጉባኤ ዘድሊ በጀትን ካልኦት ኣገደስቲ ቅድመ ምድላዋትን ብእዋኑ ብብቕዓትን ዕርየትን ተተግብር ነዚ ይ ንምትግባር ዝሕግዝዋ ኣወዳድባታት ትፈጥር
5. ኣብ ድሮ ጉባኤ ብበዝሒ ተዓደምቲ ዝሳተፍሉ ድሙቕን ዓብይ መልእኽቲ ዝመሓላለፈሉ መኸፈቲ ስነ-ስርዓት ተዳሉ
6. ኣብ መዓልቲ ጉባኤ እቲ ጉባኤ ሕግን ስርዓትን ተኸቲሉ ዝተኻየደ ምኻኑ ደረጃኡ ዝሓለወን ትኽክለኛን ዝኾነ ፀብፃብ ንጉባኤተኛ ብምቕራብ ተረጋጊፁ ንክካየድ ትገብር

## ምዕራፍ ሰለስተ

## ዝተፈላለዩ ደንቢታት

**ዓንቀፅ-36** ምምሕያሽ መተሓዳደሪ ደንቢ

እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ብ (50+1) ኣባላት ተሳተፍቲ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ክመሓየሽ እንትውስኑ ክመሓየሽ ይኽእል::

**ዓንቀፅ-37** እዚ ማሕበር ዝፀንሓሉ ጊዜ

እዚ ማሕበር ንዘይተወሰነ ጊዜ ዝፀንሕ ይኸውን::

**ዓንቀፅ- 38** ዘይተሸፈኑ (ኣብዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ዘይኣተዉ)

በዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ዘይተሸፈኑ ጉዳያት ተዛማድነት ብዘለዎም ናይ መንግስቲ ሕግታትን ደንብታትን ዝውሰኑ ይኾኑ::

ዓንቀፅ-39 <u>ማሕበር ዝፈርሰሉ ኩነታት</u>

1. ካብ ናይ ማሕበር ኣባላት ተሳተፍቲ ጉባኤ ሰለስተ ርባዕ (3/4) እዙ ማሕበር ንክፈርስ እንትውስኑ:
2. ወይ ድማ እዚ ማሕበር ንኸፈርስ ብቑዕ ዝኾነ ሕጋዊ ምኽንያት እንትህሉ እዚ ማሕበር ክፈርስ ይኽእል::
3. እዚ ማሕበር እንትፈርስ ዘፍረዮ ንብረትን ሃፍትን ንህዝቢ ኢሮብ ዝመርሕ ሕጋዊ ናይ ልምዓት ኣመራርሓ ኣካል ወይ ድማ ወረዳ ምምሕዳር ኢሮብ ሙሉእ ሓላፍነት ወሲዱ ይርከቦ::

ዓንቀፅ-40 <u>ዝተሰረዘ ሕገ ማሕበር ማልኢ</u>

ቅድሚ ሐዚ ኣብ ሳልሳይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ጉንቦት 2002 ዓ/ም ፀዲቑ ዝነበረ መተሓዳደሪ ደንቢ በዚ ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ ማሕበር ተተኪኡ ኣሎ::

ዓንቀፅ-41 <u>መተሓዳደሪ ደንቢ ዝፀድቀሉ እዋን</u>

እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ኣብ ዝምልከቶ ኣግባብ ዘለዎ ኣካል መንግስቲ ቐሪቡ ካብ ዝተመዝገበሉ ጊዜ ጀሚሩ ዝፀደቐ ይኾውን::

________________//________________

## ነዚ ሕገ ደንቢ ዘመሓየሹ ኣባላት እዞም ዝስዕቡ እዮም፣-

| ተ/ቁ | ስም | ዕለት | ፊርማ |
|---|---|---|---|
| 1 | ኣይተ ጋይም ወልደገርግስ | 14/01/2008 | |
| 2 | ኣይተ በርሀ ሃይለማርያም | | |
| 3 | ኣይተ ገብረማርያም ተሰማ | 14/01/2008 | |
| 4 | ኣይተ ሃይለ ተስፋይ | 11/01/2008 | |
| 5 | ወ/ሮ ማዓዛ ደበሳይ | 21/01/2008 | |
| 6 | ኣይተ ደሳለኝ ጊደይ | 21/01/2008 | |
| 7 | ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ | 21/01/2008 | |
| 8 | ኣይተ ኣስገዶም በርሀ | 14/01/2008 | |
| 9 | ኣይተ ኣብርሃ ኣለሙ | 14/01/2008 | |
| 10 | ኣይተ ፍሱሕ ካሕሳይ | 12/1/08 | |

ቁጽ. 084/95

ዕለት 26/11/2008 ዓ.ም

Goitom Zemical W/Gebreal